London Borough of Hounslow



# ምሕብሓብ ብዘይስድራ ንዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ሓተቲ ዑቑባ

ረፍጂ ክራይሲስ– ብንፍሲ-ወከፍ ቆልዓ ንግደስ

## መእተዊ

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ምምሕዳር ከባቢታት ኣብ ምብዳህ ቅሉውላው ስድተኛታት ተጸሚደን ኣብ ዝርከባሉ ዘለዋ ሃዋህው ኢና ንርከብ። ናይ ሃንስሎው ኣገልግሎት ምሕብሓብ ቆልዑ ቀንዲ ብደሆታት ምንዳይ ብሉጻት ዝኮኑ ሓብሓብቲ ስድራ-ቤት ንኣስቃቅ ዝኮነ ጉዕዞ ሰጊሮም ብዙሓት ሃገራት ሓሊፎም ናብ ዓዲ እንግሊዝ ንውልቆም ንዝመጹ ሓተቲ ዕቑባ ዝኾኑ ከትትል ዘድልዮም ቆልዑ እዩ።

ብዘይስድራ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ሓተቲ ዕቑባ (ብዝትዕሓዕ)፣ ምስ ብኻልእ ምኽንያታት ኣብ ክትትል ዝጸንሑ ክንጻጸሩ ከለዉ ብዙሕ ዘሕለፉን፣ ፍልይ ዝበለ ተሞኩሮ ዘለዎም እዮም። ንኣብነት፣ ገለ ገለ ኣብ ክትትል ዘለዉ ቆልዑ፣ ብምኽንያት ናይ ወለዶም ጥዕና ምስኣን፣ ምብታን ሓዳር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ገዝኦም ብዝፍጠር ጸገማት፣ ወይ'ውን እቲ ዝግበኦም መሰረታዊ ድሕነት ምስ ዘይማላኣሎም፣ ወይ ከኣ ሓደጋ ኣብ ዘንጸላልዎም እዮም ብሓብሓብቲ ስድራቤት ዝእለዩ። መብዝሕትኦም ኣብ ክትትል ዘለው ቆልዑ ተነጽሎ፣ ኣካላውን፣ ስነ-ኣምራውን ወይ ስጋዊ ዓመጽ/ሃስያ ዘሕለፉ እዮም።

ብዘይስድራ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ሓተቲ ዕቑባ (ብዝትዕሓዕ)፣ ኣብ መቦቆል ዓደም ብዝተፈጥረ ሲቪላዊ ዘይምርግጋእ ክሃድሙን ካብ ዝፈትውዎም ክፈላለዩን ክስእንውምን ዝተገደዱ እዮም። እዞም ቆልዑ ብስድርኣምን መሓዙቶምን ተደሪኾም ካብ መቦቆል ዓዶም መዕቆቢን ርግኣትን ውሕስነትን ደልዮም ዝወጹ እዮም። እዞም ቆልዑ ገዝኦምን ስድራኦምን ኣሓቶምን ኣሕዋቶምን ገዲፎም ኣዝዩ ዘፍርሕ ጉዕዞ ሓሊፎም እዮም ኣብ ሓዲሽ ዓዲ በጺሖም። እዞም ቆልዑ እቲ ዝዓበይሉ ገዛና ዝብልዎ ከባቢን፣ ባህሎምን፣ ቛንቛኦምን፣ ናይ ማሓበረሰብ ዓንኬሎምን ሓዲጎም ዝመጺ እዮም። ብዝትዕሓዕ፣ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ንበይኖም ብዘይ ስድራ ወይ ብዘይሞግዚት ምስዝኣትዉ፣ ኣብ ትሕቲ ብቁዓት ሓብሓብቲ ስድራ-ቤት እንዳተኣለዩ ዝረጋግእሉን ዝሕገዝሉን ምስ ሓዲሽ ገዝኦም ዝሳነይሉን ቦታ ንኸረክቡ ተስፋ ብምግባር ንክትትል ናብ ምምሕዳር ከባቢ ይለኣኹ። ዝበዝሑ ካብ እዞም ብሃንስሎው ዝእለዩ ብዝትዕሓዕ፣ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ሃገራት ዝመጹ እዮም፣

- ኣፍጋኒስታን
- ኣልባንያ
- ኤርትራ
- ኢራቅ
- ኢራን
- ቬትናም

## ሃንስሎው እንታይ ንደሊ ኣለና?

ሃንስሎው ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ መናእሰያትን ቆልዑን ሓተቲ ዑቑባ ክሕብሕቡ ፍቓደኛታት ዝኮኑ ብሉጻት ሓብሓብቲ ስድራ-ቤትት ኢና ንደሊ ዘለና። ን ሓታቲ ዕቑባ ቆልዓ ምሕብሓብ ማለት፣ ንሓደ ምስ ስድራቤቱ ክነብር ዘይክእል ቆልዓ ወይ ቆልዑ ክንክን፣ ሓገዝን፣ ውሑስ ዝኾነ ቤት ምቕራብ እዩ። ምሕብሓብ፣ ምክታት ዕለታዊ ጠለባት ቆልዑ ዘጠቓለለ እዩ። ንውሑዳት መዓልታት፣ ገለ ኣዋርሕ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ክሳብ ብውልቆም ነብሶም ኪኢሎም ክነብሩ ዝጅምሩ ክኸውን ይኽእል። ግዜካን ሓልዮትካን እንዳ ኣበርከትካ፣ ቆልዑ እንደገና ሂወቶም ንክሃንጹ ግዜን ዕድልን ይህልዎም።

ብሓፈሽኡ ሓብሓብቲ ስድራቤታት ካብ ኩሉ ገጻት ህወትን ዝተፈላለየ ድሕረባይታን ዝመጹ እዮም። ንኩሎም ዘመሳስሎም ነገር፣ ንኣብ ክትትል ዝርከቡ ቆልዑ ዘለዎም ተገዳስነትን ንከዓብይን፣ ክቕየሩን፣ ውሑስ ዝኾነ መጻኢ ንኸውሕሱ ዝህብዋም ዕድላትን እዩ። ሓብሓብቲ ስድራቤት፣ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ሰብ ሞያታት ብሓባር ምስ ካልኦት ብሙኳን ንዝበለጸ ረብሓ ኣብ ክትትል ዘለዉ ቆልዑ ዝነጥፉ እዮም።

ሓብሓብቲ ስድራቤታት፣ ን ብዝትዕሓዕ ኣብ ምሕብሓብ ትዕግስትን፣ ተወፋይነትን፣ ከም’ውን ርድኢት ናይ ቆልዓ ባህልን ምምላእ ነዚ ባህልን የድሊ። ሓብሓብቲ ስድራቤታት፣ ነዞም ቆልዑ ወይ ትሕቲ ዕድም መናእሰያት ኣብ ጉዳይ ኢሚግሬሽን ከም’ውን ምስ ሕብረተሰብ ንኽወሃሃዱ ወይ ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ ብውሑስ ናብ ሃገሮም ዝምለሱሉ ኣብ ምግባር ዘድልዮም ሓገዛት ከበርክቱ ይሕተቱ። ሓገዝ ሓብሓብቲ ስድራቤታት ንቆልዑ ናብ ሆም ኦፊስ ምስናይ ፣ ዝኣመሰለ የጠቓልል።

ብዙሓት ብዘይስድራ ዝመጹ ሓተቲ ዕቑባ ቆልዑ፣ ሓብሓብቲ ስድራቤታት ኣብ ግምት ክእትዉዎ ዝግበኦም ስነ-ኣምራዊ፣ ግብራዊ፣ ናይ ቛንቛን፣ ባህላዊን ድሌታት ዝኣመሰሉ እዮም። ሓብሓብቲ ስድራቤታት፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ሓገዝ ኣተርጎምቲ ዝረኽብሉ ይግበር እዩ።

ዝተኣምነሎም ን ተጠባበቕትን ሓብሓብቲ፣ ን ሓተቲ ዑቑባ ቆልዑ ንምሕጋዝ ኣድላዪ ዝኾነ ዝለዓለ ስልጠና ይቕረበሎም።

## እንታይ ኣሎ ንሓብሓብቲ ዝተዳለወ ሓገዝ ?

- እንተደኣ ኣብ ናይ ሃንስሎው ዓንኬል ሓብሓብቲ ስድራቤታት ተጸንቢርኩም፣ ንዓኩምን ምሳኹም ንዘለዉ ቆልዑን ዕዉት ውጺኢት ንኽተምጽኡ እኹል ዝኾነ ድጋፍ ንክትረኽቡ፣ ኣበርትዕና ክንሰርሕ ምኳና ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ።
- ንሓደ ቆልዓ ክልተ ሰሙናዊ ክሳብ 868.60 ፓውንድ ዝኸውን ግዙፍ ፊይናንሳዊ ረብሓ።
- ቀረብ ቀጻሊ ዝኾነ ብናይ ሓገዝ ጉጅለታት ዝዳሎ ሓባራዊ ናይ ምዝንጋዕ ንጥፈታትን
- ንሓብሓብቲ ሰራቤታት ዝዓለመ ነጻ ስልጠና፣ ከም’ውን ቀጻልነት ዘለዎ ናይ ስልጠና ዕድላት
- 24 ሰዓታት፣ 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን፣ 365 መዓልታት ኣብ ዓመት ዘየቛርጽ ሓገዝ
- ቀጻሊ ዝኾነ ምብጻሓ/ምክትታል በቶም ኣዝዮም ውፉያትን ምኩራትን ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሰራሕተኛታትና
- ነጻ ናይ ምሕምባስን መርሊን ፓስን ንሓብሓብቲን ምስ ስድራቤቶም
- ኣባልነት ምስ ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ሓብሓብቲ ግብረሰናይ ማሕበር
- ቀረብ ዘቤታዊ ናይ ስነ-ኣእምራዊ ምክርን ካልእ ፍሉይ ጠለባት ን ኣብ ክትትል ዝረከቡ ቆልዑ
- 
- ቀረብ ኣገልግሎት ተርጎምትን ናይ ሃንስሎው ኣገልግሎት ምርዓም ጽሑፋዊ ትርጉምን
- ናይ ሃንስሎው ሓብሓብቲ ስድራቤታት ክሳብ ምስኦም ኣብ ክትትል ዘሎ ቆልዓ ዝሃለው ካብ ምክፋል ናይ ካውንስል ግብሪ ነጻ እዮም

## መን ሓብሓቢ ክኸውን ይኽእል?

ናይ ሃንስሎው ሓብሓብቲ ስድራቤታት ካብ ዝተፈላለየ ድሕረባይታ ዝመጺ እዮም። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር ንኣብ ክትትል ዘለዉ ቆልዑ ዝኸውን እኹል ግዜን ቦታን ምህላውን፣ ንምክትታልን ሓግዝን ዝኸውን ተወፋይነትን እዩ።

**ምስ ሃንስሎው ከም ሓብሓቢ ስድራቤት ንምኳን፣ ኩሎም ኣመልከቲ ከማልእዋ ዝግባእ፣**

- ካብ 21 ዓመንት ዕድሜ ንላዕሊ
- ንኹሉ ግዜ ዝኸውን ነጻ መደቐሲ ክፍሊ ምህላው
- ናይ ሓዋሩ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ዘጽንሕ መንበሪ ፍቃድ ምህላዎ
- ቋንቋ እንግሊዝ ምዝራብ፣ ምንባብን፣ ምጽሓፍን ምኽኣል
- ምሉእ ጥዕና ምህላው
- ነቲ ቆልዓ ርጉኡን ሓብሓብን ባይታ ንምፍጣር፣ ሓብሓብቲ ምስ ስራሕተኛታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብዓቅልን ምርድዳእን ሓቢርካ ናይ ምስራሓ ድሉውነት ክህልዎም፣፣

**ናይ ሃንስሎው ሓብሓብቲ ስድራቤታት ከምዚ ክኾኑ ይኽእሉ፣**

- ካብ ዝኾነ ዓሌትን ሃይማኖትን
- ዘይምርዑው፣ ምርዑው፣ ወይ'ውን ምስ መጻምዶም ዝነብሩ
- ንቡር ጾታ ዘለዎም፣ ወይ'ውን ግብረሰዶማውያን
- ኣብ ክራይ ገዛ፣ ናይ መንግስቲ ገዛ ወይ'ውን ኣብ ናይ ባዕሎም ገዛ ዝነብሩ
- ወላዲ ወይ'ውን ቆልዑ ናይ ምሕብሓብ ተመኩሮ ዘለካ ሰብ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ

ምሕብሓብ በዳሂ ስራሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። በዓል ምሉእ ጥዕና ኼንካ፣ ንቆልዑን ስድራቤቶምን ንዝወረዶም ሽገራት ናይ ምርዳእን ምድንጋጽን ክእለት ክህልወካ ይግባእ።

## ጉዕዞ ዝተመስከረሉ ሓብሓቢ ምኳን

ሓብሓቢ ስድራቤት ንምኳን ኣቅሊልካ ክውሰድ ዝግበኣ ውሳኔ ኣይኮነን። ንስኹም ነቶም እንከታተሎም ቆልዑ ብልክዕ ትዛመዱ/ትጋጠሙ ኼንኩም ንኽትርከቡ ንምርግጋጽ ናትና ሓላፍነት ኮይኑ ክሳብ ቡቐዓት ሓብሓብቲ ስድራቤት እትኾኑ ሓፈሻዊ ዝኾነ መስርሕ ንኽተል።

ብገምጋም ቡቑዕ ዝተመስከረሉ ናይ ሃንስሎው ሓብሓቢ ስድራቤት ንሙኳን ሽዱሽተ ወርሒ ኣቢሉ ይወስድ።

## ቅድመ ደረጃ

**ሓብሓቢ ናይ ምኳን ድሌትካ ምግላጽ**

ዘለካ ድሌት ንምርኣይ በዚ ዝስዕብ ምምዝጋብ ይከኣል፣

- ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታ ብምብጻሕ www.hounslow.gov.uk/fostering ናይ ኦንላይን መሕተቲ ቅጥዒ ምምላእ ይከኣል
- 08007318558 ብምድዋል

- ናይ ምሕብሓብ ብዝምልከት ሓበሬት ዝህብ ኣጋጣሚታት ብምስታፍ

ኣብዚ ደረጃ'ዚ እኹል ሓበሬታ ዝሓዘ ጽሑፍ ብኢመይል ወይ ከኣ ፖስጣ ንልእኸልካ።

ድሌታትካ ዝገልጽ ምልከታ ምስ በጻሓና፣ ንሕና ንገብሮ፣

- ክሳብ 30 ደቂቕ ዝወስድ ናይ ቴሌፎን ቃለ-ማሕትት ነካይደልካ
- ናብ'ዚ ደረጃ'ዚ ንምብጻሕ ነጻ ዝኾነ መደቀሲ ክፍሊ ክህልወካ ይግባእ

ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዕዉት ኴንካ ናብ'ቲ ዝቕጽል መሳልል ክትሓልፍ ኣለካ ዶ የብልካን ንውስን።

### ናብ ገዛ ብምብጻሕ ንሓድሕድና ጽቡቕ ጌርና ንኽንፋለጥ

እንተደኣ ዕዉት ኴንካ፣ ካብ ጉጅለ ምቖጻር ሓብሓብቲ ሰራሕተኛታት ዝምልከቶ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ረኺቡ ንገዛኻ ንምምጻእ መዓልትን ሰዓትን ይፈሊ። ኣብቲ ንገዛኻ ንመጻሉ መዓልቲ፣ ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ክንህበካ ኢና፣

- ተወሳኺ ዑምቀት ዘለዎ ሓበሬታ ብዛዕባ ምሕብሓብ፣ ከምኡ እውን ኣቲ ዘለካ ነጻ መደቀሲ ክፍሊ ንርእዮ

- ናይ ገዛኻ ምቹኡነት

- ሓብሓቢ ንኽትከውን ናይ ምትብባዕ ነገር ምምስራት

- ዓይነት ናይ'ቶም ምሕብሓብ ዝደልዩ ቆልዑ

- ከም ሓብሓቢ ክቕርበልካ ዝኽእል ሓገዛት

እንተ ደኣ ብወገናን ብወገንካን ነቲ መስርሕ ክንቅጽሎ ወሲና፣ ደሓር ንስኻ ነቲ መመልከቲ ቅጥዕን ምምሕዳራዊ ዝኾነ ናይ ግምገማ መስርሕ ንኽካየደልካ ፍቓድ ዝህብ ቕጥዒ መሊእካ ትልእኾ።

## ደረጃ 1

ደረጃ 1 እቲ ብግቡእ ተመሊኡ ዝተወድኤ መመልከቲ ቅጥዒ ምስ በጻሓና እዩ ዝጅምር። ደሓር ብ ጉጅለ ሓብሓብቲ 'ጥበብ ንሓብሓብቲ' ዝብል መዳለዊ ስልጠና ንኽትወስድ ክሕተት ኢኻ። እዚ ስልጠና እዚ ዝስዕብ ሓገዛት ኣለዎ፣

- ካብ ሓብሓብቲ ንዝድለ ተወፋይነት ንኽትርዳእ
- ርድኢት ብዛዕባ ኣብ ክትትል ዝረከቡ ቆልዑን ጠለባቶምን
- ካም ሓብሓቢ ዘድልየካ ክእለታት/ጥበባት ንምምዕባል

ከምኡ ድማ ከምዚ ከማኻ ዝኣመሰሉ ሓብሓብቲ ንምኺን ዝዳለዉን፣ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑን ነኣሽቱ መናእሰያትን ዝሕብሑቡ ዘለዉ ሰባት ንኽትራኸብ ዕድል ክህልወካ እዩ።

እዚ ስልጠና ነዞም ዝስዕቡ ብዝሒ ዝበሉ ቀንዲ ዝኾነ ነጥብታት ዝሸፈነ እዩ፣

- ተራ ሓብሓብቲ ስድራቤታት
- ምትብባዕ ባህላዊ መንነትን ናይ ህይወት ዕድላትን
- ብዶሆታትን ጸማን ሓብሓቢ ምዃን
- ደረጃዊ ምዕባለታት ቆልዓ
- ውሑስ ክትትል
- ምስግጋር ቆልዑ ናብ ሓድሽ መንበሪ ወይ'ውን ምምላስ ናብ ናይ ትውልዲ ስድራኦም ወይ ኣዝማዶም

ኣብ'ዚ ደረጃ ብ ሰናይ ፍቓድካ እዞም ዝስዕቡ መርመራታት/ምጽራይ ክካየዱ እዮም፣

- ፖሊስ መርመራ/ካብ ገበን ነጻ ምዃንካ ዘረጋግጽ መርመራ
- ሕክምና መርመራ
- ናይ ስራሕ ድሕረባይታ ምጽራይ
- ፊናንሳዊ ምጽራይ
- ሞያዊን ውልቃዊን መስከርቲ/ምስክርነት

መርመራታትን ዘድሊ ሓበሬታን ምስ በጻሓና፣ ደሓር ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ናብ ደረጃ 2 ምስጋርካን ዘይምስጋርካን ዝሕብር ውሳነ ክነፍልጠካ ኢና።

እንተ ደኣ ኣብቲ ዝግበር ምጽራይ ካብ ደረጃ 1 ንላዕሊ ክንቕጽል ዘይከኣልና፣ ብዛዕባ ንውሳኔናን ምኽንያቱን ብዝምልከት ብጹሑፍ ክንሕብረካ ኢና።

## ደረጃ 2

## ኣብ ደረጃ 2 እቲ መስርሕ ምጽራይ ይጅምር። ኣብቲ ግዜ ምጽራይ፣ ኣመልካቲ፣

- ሓደ ዝተመደበ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሰራሕተኛ ንመስርሕ ምቑጻር ብዝምልከት ሰፊሕ ዝበለ ምጽራይ ንምግባር ዝሕግዝ ቅጥዕታት ንምምላእ ካብ 6-8 ግዜ ምብጻሕ የካይድ።
- ናይ ጥዕናን ውሕስነትን፣ ናይ ናውቲ ገምጋማዊ ምጽራይ ይካየድ
- ንኣብ ናይ ውልቀ ሰባት ተኻርዮም ዝቕመጡ ስድራቤታት ናይ ጽሑፍ ውዕል ክራይ ገዛ የድሊ።
- ንኣመልከቲ ንመጀበሪ ዝኸውን ገንዘባዊ ሓገዝ ፣ ነቲ ኣብ ክትትል ዝርከብ ቆልዓ ዘድሊ መሰረታዊ ኣቁሑ ገዛን/ናውትን ንመግዚ ዝኸውን ኣሎ
- ኣመልከቲ ኣብቲ በቢእዋኑ ዝግበር ናይ ግምገማ ምብጻሓት ዝውዳእ ናይ ጽሑፍ ስራሓት ይወሃቦም።
- ኣብ ግዜ ምብጻሕ ተምሊኡ ዝጥርነፍ መገምገሚ ቅጥዒ 'F'ይህሉ።

## ኣኼባ ምስ ናይ ሓብሓብቲ ፓነል/ቦርድን ምጽዳቕን

እቲ ጉዕዞ ኣብ ምውድኡ ምስቶም ናይ ምሕብሓብ ፓነል ንኽትራከቡ ትሕተቱ። እዚ ፓነል ምስ ቆልዑ ናይ ምስራሕ ተሞኩሮ ዘለዎም ሰብ ሞያ ወይ'ውን ንባዕሎም ሓብሕብቲ ዝነበሩ ዘጠቓለለ እኩባት ሰባት እዮም። ምስ እዞም ናይ ምሕብሓ ፓነል ንኽትራኸብ ክንዕድመኩም ኢና፣ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ምርኩስ ብምግባር ከኣ ናቶም ምስክርነት ክህቡ እዮም፣

- ኣብ ጸብጻብ ሓበሬታ ናይ'ቲ መገምገሚ ቅጥዒ 'F'
- ኣብ'ቲ ናይ ብኣካል ርክብን።

ኣብ ሃንስሎው ካውንስል ኣካል ወሃቢ ውሳኔ (Agency Decision Maker) ናትካ ሓብሓቢ ናይ ምዃን ብቑዕነት ናይ መጨረሻ ውሳኔ ይህብ።

## ሓንሳብ ሓብሓቢ ስድራ ምስ ኮንካ፣ ምስቲ ምሳኻ ዝመጣጠን ቆልዓ ከነዛምደካ ኢና

ሓንሳብ ምስ ጸደቕ፣ ናይ ምሕብሓብ ጉዕዞኻ ይጅምር። ንኣብ ከትትልካ ዝርከቡ ቆልዑ ኣወንታዊ ዝኾነ ውጽኢት ኣብ ምምጻእን ክብጽሖ ዝግበኦም ደረጃ ንኽበጽሑን ሓጋዚ ዝኾነ ቀጻልነት ዘለዎ ስልጠናን ደገፍን ክወሃበካ እዩ።

**ሓብሓቢ ስድራ ንኽትከውን ብምምራጽካ፣ ነቲ ቆልዓን ንዓኻን ግዙፍ ዝኾነ ለውጢ ከተምጽእ ትኽእል ኢኻ።**

## ናይ ምሕብሓብ ጉጅለ ንምርካብ፣

ኣብዚ ደዉሉልና
**0800 731 8558**

ናብዚ ኢመይል ግበሩልና
**fostering@hounslow.gov.uk**

ወይ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ብጽሑና
**www.hounslow.gov.uk/fostering**